# ፪ይ ሰንበት ዘጽጌ

## 3 ጥቅምቲ 2017 ዓ.ም. (10/13/2024)።

## ኣብ ኩሉ ጸበባን ፈተናን ማርያም ኣብነትና እያ።

መዝሙር፡ ኪነ ጥበቡ መንክር ውዕጹብ... ሥራሕ ጥበቡ ዘገርምን ዘደንቕን እዩ፥ እቲ ኣብ ሰማየ ሰማያት ዘሎ ኣባና ምሕረቱ ገለጸ ንሰማይ ብኸዋኽብቲ ኣብሪሁ ዝኸለሎ፥ ንምድሪ ብጽሩይ ዕምባባ ዘገጸ፥ ሰንበት ከም ንቡር ከዕርፉ ምእንቲ ዝሰርዐ፥ መአዛ ቅዱሳን ከም ሽቱ ሊሊ ኣብ ቆላታት፥ቃርፋን ናርዶስን ዓምበቡ ይብል።

ንባባት፡ ሮሜ 10፡14-ፍ፥ ራእ 14፡1-6፥ ግ.ሓ. 17፡23-ፍ፥ ማቴ 7፡15-ፍ።

ምስባክ፡ ተዘከር እግዚኦ ከመ መሬት ንሕነ ወሰብእሰ ከመሳዕር መዋዕሊሁ ወከመ ጽጌ ገዳም ከማሁ ይፈሪ። ኦ ጎይታ መሬት ምዃና ዘክር፥ ሰብ ከም ሳዕሪ ምዃኑ መዋዕሉ ከም ዕምባባ በረኻ ከምኡ ከም ዝፈሪ ዘክር

ካልኣይ ሰንበት ዘጽጌ ካብ ማርያም እንምሃሮ ነገራት ክነስተንትን ይሕግዘና። ናይ ዕለቱ መዝሙር ከም ዝሕብሮ ሰማያዊ ኣቦና ምሕረቱ ብዝተፈላለየ መገዲ ገሊጹልና፥ ኣብዚ እዋን ምስ ማርያም ክንጉዓዝ እሞ ሰበኽቲ ወንጌል ክንከውን ንሕተት ኣሎና። ማርያም ቀዳመይቲ ሓዋርያ ዝብል ኣብቲ ማርያም ኣደ ኣምላኽ ዝብል ዝተመስረተ እዩ። ኩሉ ኣብኣ ዘሎ ካብዚ ኣደ ኣምላኽ ብምዃና እዩ ዝምንጩ። ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ዘሎ ኣተሓሳስባ ከኣ ናይ ማርያም ሓዋርያነት ኣብቲ ንወዳ ዘርአየቶ ተኣዝዞ ዝተተሓሓዘ እዩ ይብሉ። ንሳ ብምእዛዛ ነቲ ብቀዳመይቲ ኣደና ሔዋን ብዘይ ምእዛዛ ዘጥፋእናዮ እንደገና ከም እንረኽቦ ገራ። ቀዳሞት ኣበው ነዚ ብዝያዳ ይገልጽዎ፥ ቅ. ኢረነዩስ (120-202) ኣቢሉ ዝነበረ ሔዋን ምስ ሰይጣን ተሓባቢራ ሞት ኣምጺኣትልና ማርያም ግን ምስ ኣምላኽ ተሓባቢራ ሕይወት ኣምጺኣትልና ይብል። ናይ ማርያም ምትሕብባርን ተኣዝዞን ሞራላዊ ስነ ምግባር ኣስዒቡ ማለት ገብርኤል መልኣኽ ምስ ኣበሰራ ብነጻ ሓሳባ ሂባ። ተኣዝዞኣ ብድርኺት ወይ ብተጽዕኖ ኣይኮነን ንጹር ራእይን ዘይወላወል ድለት ገራ ንመደብ ኣምላኽ ኣብ ግብሪ ክተውዕል ምሉእ ድለት ኣርእያ።

ተልእኮ ማርያም ምስ ወዳ ካብ መጀመርያ ስብከቱ እዩ ነሩ። ኣብ ቃና ዘገሊላ ምስኡ ተኻዒዛ፥ ኣብ ኩሉ እዋን ምስኡ ትጉዓዝ ነራ። ቅ. ኣጎስጢኖስ ከም ዝብሎ ማርያም ኣደን ሓዋርያን እያ። እቲ ብወዳ ዝተባህለ እቶም ንቃል ወዳ ሰሚዖም ኣብ ግብሪ ዘውዕልዎ ብጹኣን እዮም (ማር 3፡35፥ ሉቃ 11፡27) ብቀዳምነት ንማርያም እዩ ዘሰምዕ።

ጎቦ ቀራንዮ ንመስዋዕቲ ክድይብ እንከሎ ማርያም ኣብ ጎኑ እያ ትጉዓዝ ነራ ብመንፈስ ምስ ወዳ ተሰዊኣ። ስለዚ ማርያም ንወዳ ካብ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ብእምነት ስዒባቶ በዚ ቀዳመይቲ ሰባኺትን ረድእን ወዳ ንብላ። ድሕሪ ሞት ወዳ እውን ነታ ቀዳመይቲ ማሕበር ወዳ ብሓባር ኣኪባ ተጸልያ ተጸናንዓ ብዝያዳ መንፈስ ወዳ ክትቅበል እሞ ንስብከት ክትወፍር ትቕርባ ነራ። ስብከተ ወንጌል ብማርያም ክምእከል እንከሎ ፍረ ኣለዎ።

በዚ መዓልቲ ስብከተ ወንጌል ኣብ ምሉእ ዓለም ዘኪርና ኣሎና በዚ ኣጋጣሚ ብፁእ ኣቦና ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ ኣብ ሓደ ሓቢርና ምእንቲ ስብከተ ወንጌል ክንጽሊ ይሓቱና ኣለዉ። ከምቲ ጳውሎስ ሓዋርያ ዝብሎ ብዙሓት ወንጌል ኣይተቐበሉን ኣለዉ ስለዚ ኣብ ኩሉ ክበጽሕ ተራ ናይ ኩሉ ኣማናይ እዩ። ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኣቦና ፍራንቸስኮስ ከምዙ ይብሉ፥ ሎሚ ብዙሓት ኣህዛብ ንኢየሱስ ዘይፈልጡ ኣለዉ። በዚ ምኽንያት ስብከት ኣብ ኣህዛብ ልዕሊ ኹሉ

ህጹጽ ነገር እዩ፥ ኩሎም ኣባላት ቤተ ክርስትያን ኣብዚ ተልእኮ ክሳተፉ ጽዉዓት እዮም ምኽንያቱ ቤተ ክርስትያን ካብ መጀመርያ ሚስዮናዊት እያ። ንሳ ዝተወልደት ክትልእኽ እዩ። ዓለም ለኻዊ መዓልቲ ሓዋርያነት ፍሉይ ጸጋ ዘልኦ እዋን እዩ ምኽንያቱ ዝተፈላለዩ ክፍላተ ዓለም ብሓደ ሓቢሮም ዝጽልዩሉን ሓቀኛ ሕብረት ምስታ ሓዳስ ቤተ ክርስትያን እትጅምር ዘላ ዝገልጹሉን እዩ። እዚ ዕለት ብዓል ናይ ጸጋን ሓጎስን እዩ። ናይ ጸጋ ብዓል ንብሎ ምኽንያቱ መንፈስ ቅዱስ በቦ ተላኢኹ ነቶም ዝተላእኩ ጥበብን ሓይልን ኣብ ሥርሖም ስለ ዝዕድሎም። ናይ ሓጎስ ብዓል ንብሎ ምኽንያቱ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ሰማያዊ ኣቦ ንዓለም ክሰብኽ ዝተላእከ ሎሚ እውን ምሳና ኮይኑ ንተልእኮና ስለ ዝሕግዝ ይብሉ (ቫቲካን 8 ሰነ 2014)።

ኣብ ስብከተ ወንጌል ቀንዲ ሓጋዚ ጸሎት ከምዝኾነ ጳውሎስ ኣብ 1ተሰሎ 1፡1-5 ዘሎ እንተ ኣንበብና ክንርድኦ ንኽእል። ጳውሎስ ምስ ስልዋኖስን ጢሜቴዎስን ኮይኖም ወንጌል ከም ዝሰበኹ ግን እዚ ኩሉ ብሳላ ጸሎት ሰብ ተሰሎንቂ ከምዝኾነ ይገልጽ። ኣብዚ ናይ ጸሎት ሓገዝ ኣብ ስብከተ ወንጌል ከም ዝተረድኡ ንርኢ ሎሚ እውን ብፍሉይ ምእንቲ ስፍሓተ ወንጌል ፍሉይ ጸሎት ክነዕርግ የድሊ። ንሕና ንዘርእ ኣምላኽ ግን የብቁል የፍሪ (1ቆሮ 3፡6)። ኵልና ኣብ ካልእ ሃገራት ኣብ ስብከተ ወንጌል ክንከይድ ግድነት ኣይኮነን ኣብ ዘለናዮ ኮና እውን ፍረ ክነፍሪ ንኽእል ኢና። ቅ. ተረዛ ብዓልቲ ኣቪላ ኣብ ምስዮን ከይዳ ኣይትፈልጥን እንተ ኾነ ጠበቓ ሰበኽቲ ወንጌል ትብሃል ምኽንያቱ ኽእ ቀጻሊ ጸሎታ ንዓወት ሚስዮናውያንን ስርሖም ዓቢ ውጽኢት ስለ ዝገበረ። ቅ. ጳውሎስ ንባዕሉ ጥቕሚ ጸሎት ስለ ዝተረድአ ብዂሉ ጸሎትን ልማኖን ዂሉ ሳዕ ብመንፈስ ጸልዩ፥ ስለዚ ኽእ ተስፋ ከይቆረጽኩም ስለ ዂሎም ኣመንቲ ኣብ ጸሎት ተጸመዱ፥ ምእንታይውን ክዛረብ ከሎኹ ነቲ ምሥጢር ወንጌል ብትብዓት ክነግር ቃል ክውሃበኒ ጸልዩ (ኤፌ 6፡18-19)። እዚ ብሓቂ ጠቓሚ እዩ ምኽንያቱ ብዘይ ሓገዝ ጸሎት ሰባኹ ወንጌል ኣብ ስብከተ ወንጌል ከምቲ ዝድለ ክፈር ከቢድ እዩ።

ቅ. ጳውሎስ ስብከተ ወንጌል ከመይ ገሮም የሳልጥዎ ከምዝነበሩ ክሕብር እንከሎ ትልእክኦም ዝገብርዎ ዝነበሩ ብቃል፥ ብጻዕርን እምነትን ኣብ መንፈስ ቅዱስ ብምግባር እዩ። ብቃል ይገብርዎ ነሮም ምኽንያቱ ብዛዕብኡ ከይሰምዑኽ ከመይ ገሮም ብኣኡ ኺኣምኑ እዮም፥ ብዘይ ሰባኺኽ ከመይ ገሮም ኪሰምዑ እዮም (ሮሜ 10፡14)። ስለዚ ነቲ ሰናይ ዜና ኣብ ዝጥዕምን ኣብዘይ ጥዕም ጊዜ ክንሰብኽ ኣሎና ምኽንያቱ ቃል ኣምላኽ ሕያውን ግብራውን እዩ፥ ካብ ዝኾነ ክልተ ዝኣፉ ሴፍ ይበልሕ፥ኣብ መንጎ ነፍስን መንፈስን ኣብ መንጎ ፈላላይቶን ኣንጉዕን ይተርፍ (ዕብ 12፡4)። ቃል ኣምላኽ ካብ ዝኾነ ባህርያዊ ነገር ብሓደ ኣኪብና እንርእዮ ይሕይል እዚ ኽእ ናይ ተልእኮ ምንጪ ብዝኾነ ብመንፈስ ቅዱስ ስለ ዝምራሕ እዩ። ኣብ ኩሉ እንኸዶ ዝመርሓናን ዘሰንየና መንፈስ ቅዱስ እዩ። ሰባኺ ወንጌል እምብኣር ምስ መንፈስ ቅዱስ ሓቢሩ ክዓዪ ይግብኦ። ሰባኺ ወንጌል ድልዱል እምነት ኣብቲ ዝሰብኮ ክህልዎ ይግባእ። እቲ እንሰብኮ ኣብቲ ዘሎና እምነትን እንነብሮ ሕይወትን ዝተመስረተ ኽኸውን እንከሎ ስብከትና ፍረ ይበዝሖ።

ኣብ ስብከተ ወንጌል እንከሎና ከምዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ዘስተምህሮ ኣምላኽ ካብ ዘጋግዩና ካብቲ ሓቀኛ ጉዕዞ ኣብ ጓል መገዲ ከይወስዱና ክንጥንቀቕ ይነግረና፥ ብውሽጦም ዚምንጥሉ ተዂሉ እዮም እሞ ኣባግዕ ተመሲሎም ካብ ዚመጹኹም ሓሰውቲ ነብያት ተጠንቀቑ ይብለና። ሕይወትና ግብርና ኩሉ ጽቡቕ ፍረ ክፈሪ እዩ ድላይ ኣምላኽ። እሞ ኣነ እንታይ እዩ ዝሓፍሶ ዘሎኹ ፍረ ክንብል ኣሎና፥ ግብርና ቃልና ሰናይ ክኸውን እንከሎ ንሓውና ንሓፍትና ካብ ጸጋም ንየማን ይመልሶ ስለዚ ሕይወትና ብምልኡ ሰባኺ ክኸውን ይግባእ።

ጽቡቕ ፍረ ዘይፈሪ ኩሉ ኦም ይቘረጽ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ ቅዱስ መጽሓፍ ብኣምሳል ኣምላኽ ከም ዝተፈጠርና ይዛረብ ስለዚ ግብርና ኩሉ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ እዩ ክኸውን ዝግባእ እንተ ኾነ ዝርአ ንኣምላኽ ዘየሓጉስ እዩ ዘሎ፥ ኣብቲ መልክዕ ተፈጥሮና ክንምለስ ኣሎና ሽው ጽቡቕ ፍረ ክነፍሪ ንኽእል።

ኣብዚ ሰንበት ስብከተ ወንጌል ተባሂሉ ዝጽዋዕ እምብአር ኣብ ጥምቀትና ዝተቐበልናዮ ጸጋ ክንሕድሶ ይግባእ። ኣብ ስብከት ክትወፍር እንታይ ምግባር የድሊ፤

1. ንርእስኻ ሰቢኽካ ምኽኣል፤ ኣብ ልበይ ኣትየ ምስ ኣምላኽ ዘሎኒ ርክብ ክርኢ ኣሎኒ። ንርእሰይ ከይፈልጥክዎ ንኻልኦት ክፍልጦ ኣይክእልን እየ፥ ስለዚ ቅድሚ ምስባኸይ ነቲ ዝሰብኮ ኣብ ሕይወተይ ናተይ ክገብሮ ኣሎኒ ሽዑ ከካፍሎ ቀሊል እዩ።

2. ተልእኮ ቤተ ክርስትያን ስብከት እዩ። ክርስትያን ማለት ሰባኺ ማለት እዩ። እዚ ኣብቲ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ኪዱ ንኹሎም ኣርድእተይ ግበርዎም ኣብ ዝብል ዝተመርኮሰ እዩ። ኣባላት ቤተ ክርስትያን ንሕና ኢና ስለዚ ክንሰብኽ ኣብ እምነትና ዘሎ ሓላፍነት እዩ።

3. ብጸጋ ጥምቀት ሰበኽቲ ኢና። ኣብ ጥምቀት ካህን ንተጠማቂ ዝበርሀ ሽምዓ የቐብሎ እዚ ሽኣ ነቲ ዝተቐበሎ ብርሃን ክርስቶስ ኣብ ኻልኦት ከብርሆ ዝሕብር እዩ። ንስኹም ብርሃን ዓለም ኢኹም ዝበሎ ንኹልና እዩ ዘስምዕ። ብርሃን ክርስቶስ ኣብ ጸልማት ንዘሎ ሰብ ክነካፍሎ ናታትና ሓላፍነት እዩ።

4. ስብከት ግላዊ ስራሕ ኣይኮነን። ልኡኺ ክርስቶስ ተለኣኽቲ ንሕና ኢና። ሓደ መልክዕ ዝሓዘ መልእኽቲ ኢና ክነብጽሕ ዘሎና ንሱ ሽኣ መልእኽቲ ክርስቶስ ንሰባት ብርሃን ኣምላኽ ክርእዩ ምሕጋዝ እዩ።

5. ስብከትና ብክልተ ኣገባብ ክግበር ይክእል፤ (1) ነፍሲ ወከፍና ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ሰበኽቲ ኢና። ኣብ ስራሕና ኣብ ሓዳርና ኣብ ኩሉ ዕለታዊ ሕይወትና ክንሰብኽ ኣሎና። (2) ሕይወቶም ንስብከት ዘወፈዩ ልኡካን ኣለዉ። ካብ ዓዶም ወገኖም ርሒቆም ኣብ ስብክት ጥራሕ ዝተዋፈሩ ነዚኦም ብጸሎት ብገንዘብ ብኹሉ ክንሕግዞም ትሑዛት ኢና።

ኣብዚ ሰንበት እምብአር ኣብቲ ኣምላኽ ብጸግኡ ክንዓየሉ ዝሓረየና ሕይወት ኣቲና ንኣምላኽ ክንልኣኾ መልእኽቱ ክነብጽሕ ተኣምኖና እንገልጸሉ ሰንበት ኢና ዘሎና። ኣምላኽ ሎሚ ዝልኣኽዎ ይደሊ ኣሎ። ኣብዚ ወለዲ ዓቢ ተራ ኣሎኩም ንደቅኹም ክተዕብዩ እንከሎኹም ነዚ ክተሰንድውዎም። እዚ ሎሚ ኣብ ዓለም ተዘርጊሑ ዘሎ እምነትና ሳላ እቶም ውፉያት ልኡካን ወንጌል እዩ ኮይኑ፥ ናይ ሎሚ ልኡካን ግን ንሕና ኢና። ኣብ ጉዕዞ ስንቂ ጽንዓት ጸሎት የድልየና እዩ መልእኽትና ብጽቡቅ ክነብጽሕ። እሞ ንለኣኺ ኣምላኽ ወንጌልካ ኣብ ኩሉ ከብጽሕ ሓግዘኒ ንበሎ።

መልእኽቲ ወንጌል ምስ ማርያም ኮና ክነብጽሖ ከሎና ዓወት ኣልኦ። ንሳ ኩሉ ጊዜ እትብለና ወደይ ዝበለኩም ግበሩ እዩ ንድላይ ኣምላኽ ጽን ክንብል እንከሎና ሽዑ ተሓድሶ ቅድስና ኣባና ክርአ እዩ። ንድላይ ኣምላኽ ክንሰምዕ ከሎና ካልእ ድምጺ ከይንሰምዕ ካልእ መልእኽቲ ከይነብጽሕ ዓቢ ምስትውዓልን ጸሎትን የድልየና።

ዓለምና ሎሚ ዘይድምጺ ኣምላኽ እትሰምዓሉ በዚሑ ደቂ ሰብ ከም ጓሳ ዝሰኣና ጥሪት ኮይና ዘሎናዮ ንርእዮን ንሰምዖን ኣሎና ብሓቂ ኣብ ልብና ኣቲና ንቃል ኣምላኽ እንሰምዓሉ ኩነታት ክንፈጥር ኣሎና። ዝነፍስ ዘሎ ንፋስ ብሓቂ ዘራጊቶ እዩ ውግእ ሞት ጥፍኣት ምጭኽኻን ጥራሕ ኢና እንሰምዕ ዘሎና እዚ ሽኣ ቦታ ኣምላኽ ንስምዒትና ንድለትና ስለ ዝሃብናዮ ዝዘራእናዮ ኢና እንሓፍስ ዘሎና እሞ ኣብ ልብና ንመለስ። ብኽፍኣተይ ብዓቢ ክፍኣተይ ኢልና ካባ ንስሓ ለቢስና ኣብ ቤትና ኣብ ኣምላኽና ንመለስ ሽዑ ክንሰብኽ ክንጅምር ኢና።

ጸሎትን ኣማልድነትን ወላዲተ ኣምላኽ ማርያም ኣደና ኣይፈለየና። ንስከተ ወንጌል እንወፍረሉ ሓይልን ጸጋን ይዓድለና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ